**ኣኼባ ሕቡራት ወለዲ ኤርትራውያ ሲያትል**
**ዝተዳለወሉ ዕለት 11-25-2006**

## ጸብጻብ ሕሉፍ ኣኼባታት

**ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ኣኼባታት ወለድን መንእሰያትን ተቐማጦ ሲያትል ዝተኣከቡሉ ዕውት ኣኼባ ተኻይዱ። ቅድሚ ሕጂ ኣብዚ ኣኼባታት ዘይተኻፈሉ ኣሕዋት ክህልውና ስለ ዝኽእሉ ክሳብ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለታት ብሓጺሩ ከምዚ ይመስል:-**

**<u>ንወለዲ ብዝምልከት</u>**

- ✓ ፖለቲካዊ ማሕበራዊ ይኹን እምነታዊ ፍልልያት ብዘየድስ ንምዕባለ ማሕበራዊ መነባብሮናን ምእንቲ ድሕነት ደቅናን ሓቢርና ክንሰርሕ
- ✓ ካብቲ ጸገማት ሓደ ወለዲ ባዕልና ስለዝኾንና ኣብ ነንሕድሕድና ዘሎ ፍልልያት ንሕሉፍ ገዲፍና ፍቕሪ ንመስርት ይቕረ ድማ ንበሃሃል
- ✓ ኣብ ሓደጋ ወዲቖም ንዘለው ደቅና ጸገማት ነለሊ
- ✓ ካብ ትምህርቲ ዝበኾሩ ደቅና ጸገማቶም ንመርምር
- ✓ ምስ ኣብ ከባቢና ዝርከቡ  ምምሕዳር ኣብያተ ትምህርቲ ጽቡቕ ዝምድና ንመስርት
- ✓ ኣብ ናይ ወለድን መምህራንን ኮሚቴ (PTA)  ብንጥፈት ንሳተፍ
- ✓ መንእሰያት ተጠርኒፎም ንክሰርሑ ነተባብዕ
- ✓ ዘሎና ክልተ ኮሚኒትታት ንናይ መንእሰያት ንጥፈታት ዘተባብዕ ይኹን
- ✓ ወለዲ ኣብ ትምህርቲ ዘሎና ባህላዊ ኣጠማምታ ክንቅይሮ ይግባእ፥ ደቅና ናብ ትምህርቲ ምልኣኽ ጥራይ ኣኻሊ ከምዘይኮነ ንገንዘብ
- ✓ ኣብ ሓደጋ ንዝወደቑ ደቅና ምሕጋዝ ወይ ውን ንከይወድቁ ሓንቲ ስድራ ቤት ንበይና ተካይዶ ጻዕሪ ዘይኮነስ ናይ ኩልና ሕብረትን ምትሕግጋዝን ከምዝሓትት ንገንዘብ
- ✓ ኣብ ከባቢና ዘሎ መንግስታዊ ትካላት ንድሕነትና ብዝምልከት ጠቓሚ ኣስተምህሮ ንክህቡና ምስኦም ሓቢርና ንስራሕ (SPD, Crime Prevention, motivational speakers etc.)
- ✓ ንመንእሰያት ብኣጉኡ ባህሎምን ልምዶምን ተጠርኒፎም ዘካይዱሉ ባይታ ምፍጣር
- ✓ ንመንእሰያት በብዕድሚኦም ብስፖርታዊ ጋንታት ምውዳብ
- ✓ ኣብ ቅነ መወዳእታ (weekend) ናይ መንእሰያት ምሸት ምድላው
- ✓ ብዘይ ተሳትፎ ኣደታትን ደቂ ኣንስትዮን ሽቶና ክንወቅዕ ኣጸጋሚ ስለ ዝኾነ ደቂ ኣንስትዮ ዕዙዝ ተሰትፎ ክርእያ ምትብባዕ
- ✓ ከም ባህሊና ሽግራ ምግላጽ ልሙድ ኣይኮነን ፥ እዚ ኣረኣእያ'ዚ ጸገማት ንክዓቢ ድኣምበር ንምቅላል ሓጋዚ ስለ ዘይኮነ, ሽግርና ብሓባር ክንፈትሖ ኣረኣእያና ምቕያር
- ✓ ደቅና ዝሓሸ ናይ ትምህርቲ ዕድላት ክረክቡ ዘኽእሉ ዕድላት ካብ ዘሎና ውሑድ ኣፍልጦ ዝተላዕለ ኣይንጥቀመሉን ኢና።
  - ዓውደ መጽናዕቲ ብምክያድ ንዘትየሉ
  - ኣፍልጦ ዘለዎም ሰብ ሞያ ኣሕዋትና ብምዕዳም ምኽርን ሓበሬታን ምውሳድ
- ✓ ንማሕበራዊ ህይወትና ሓጋዚ ዝኾነ ምዕዶታትን ኣስተምህሮን ክህቡ ዝኽእሉ ሰብ ሞያ ኣሕዋትና ፍልጠቶም ከካፍሉና ምዓዳም
- ✓ ወለዲ ካብ ሕማቕ ስነ ምግባራት ከም በዓል መስተን ጠላዕን ንቆጠብ
- ✓ ብዙሓት ልዕለ ዕድመ ኣረጋውያን እኹል ኣቓልቦ ዝረኽብሉ መዘናግዕታትን ዕድላትን ስለ ዘየሎ ኣድላይ ጻዕሪ ክግበረሉ
- ✓ ኣኼባታትና ኣብ ክልቲኡ ኮሚኒታትና በብተራ ከምዝካየድ ምግባር

**ንመንእሰያት ብዝምልከት**

- ✓ መንእሰያት ንመንእሰያት ጽልዋ ክምህሩ ዕድል ምፍጣር
- ✓ ብማሕበር ተጠሪፎም ዘለው መንእሰያት ጻዕሮም ንመንእሰያት ኣብ ጽቡቕ ስነ ምግባር ክነጥፉ ዝደፍእ ክኸውን ምጽዓር
- ✓ ኣብ ሓደጋ ዝወደቑ መንእሰያት ምክትታል ክግበረሎም
- ✓ ንመንእሰያት ኣብ ስፖርታውን ትምህርታውን መደባት መሪሕ ቦታ ምሃብ
- ✓ ካብ ዓዲ መጺኦም ኣብ ዘይዓቕሞም (ብዕድመ መሰረት) ትምህርቲ ዝጅምሩ ደቅና ኣብ ትምህርቲ ድኽመት ጥራሕ ዘይኮነ ጽልኢ ትምህርቲ ኣሕዲሮም ክሓርቁን ኣብ ሓደጋ ይወድቁን ስለዘለው ጸገማቶም ምምርማር

**ንኣሰራርሓ ምንቅስቓስና ብዝምልከት**

- ✓ ሽምና ሕቡራት ወለዲ ኤርትራውያን ሲያትል ክኸውን
- ✓ ባህልናን ልምድናን ኣብ ምዕቃብ ክንነጥፍ
- ✓ ምንቅስቓስና ንኩሉ ኤርትራዊ ኣሳታፊ ክኸውን
- ✓ ኣብ ሓልዮትን ምክብባርን ዝተመስረተ ምንቅስቓስ ክኸውን
- ✓ ተጻዋርነት ሕመረት ኣሰራርሓና ክንገብሮ
- ✓ ኤርትራዊ ኣብ ኮሚኒትታት ክዋሳእ ምትብባዕ
- ✓ ኣኼባታትኣ ንግዚኡ ኣብ ከክልተ ሰሙን ክኸውን, ድሓር ድማ ከም ስሩዕ ወርሓዊ ክኸውን
- ✓ ግዚያዊ ብወለንታ ዝሰርሑ ኣካየድቲ ክህልው ንመጻኢ ድማ ብሰፊሕ ተሳትፎ ህዝቢ ሽማግለ ምምራጽ
- ✓ ኩሉ ተቐማጣይ ሲያትልን ከባቢኣኡን ተሳታፍነት ንክህሉ ኣብ ህዝቢ ዝእከበሉ ኣጋጣሚታት ሓበሬታ ምዝርጋሕ
- ✓ ሓበሬታ ብመራኸቢ ማዕከናት ምዝርጋሕ